15/10/2010

# 200 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ትምህርቲ ዕድል፤ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ-ኣበባን መቐለን ረኺቦም፡፡

ማሕበረ-ሰብ ዓለም ብዝፈልጦ፡ ስርዓት ህግደፍ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣይጠዓሞን፡፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንከብክዮ፡ “ቂም” ዘለዎ ክሳብ ዝመስል ክብቀሎን ደም ከጉስዖም ይርከብ ኣሎ፡፡

ኣብ ሙሉእ መስርሕ ናይ 20 ዓመት ናይ ስልጣን ዕድሚኡ፡ ካብ “ትማሊ ሎሚ፣ ካብ ሎሚ ከኣ ጽባሕ ይሓይሽ” ዘይብሉ ሓሳረ-መከርኡ ከርእዮ ይርከብ፡፡ ሰብኣዊ ክብርታት ህዝብታትና ኣዋሪዱን ኣሕሲሩን ዝገዝአ ስርዓት ኮይኑ፡፡ ብናይ ቁጠባዊ ምዝመዛን ሓለንጊ ክገርፎን፡ ኣማሲኑ ክቐትሎን ይርከብ፡፡ ምስሊ ሓርነታዊ ተቓላሳይ ህዝብናን ዕሸል ሃገርናን ዝደወነ ስርዓት ኮይኑ፡፡

ብሰንኪ’ዚ ኣራዊታዊ ባህርያት’ቲ ስርዓት፡ ሃገርና ኤርትራ ናይ ፍሽለትን ዕንወትን ድቂ ሓቀኑፉ ትርከብ፡፡ ንሃገር ጥራሕ ዘይኮነ ንነብሲ-ወከፍ ስድራ-ቤት’ውን እንተኾነ ከፍርስን ከዕኑን ይርከብ ኣሎ፡፡ ናይ’ዚ መቐንዘዊ ሕልፈት’ዚ ጽዑቕ መግለጺ ከኣ እቲ ንነብሲ-ወከፍ ስድራ-ቤት ኣረኻኺቡላ ዘሎ ስደትን ምዝባልን’ዩ፡፡ ብፍላይ ከኣ መንእሰይ ኤርትራ፡ ኩሉ ዕድላቱ ተዓንጺሉ ካብ ህሉው ንታሕቲ ካብ ምዉት ከኣ ንላዕሊ ኮይኑ ዝደፍአ ዕድመ ተጻይፉ፡ ነታ ዝፈትዋ ሃገሩ፣ ንህዝብን ስድራ-ቤቱን ራሕሪሑ እግሩ ናብ ዝመርሖ ሃጽ ኢሉ ክጠፍእን ዓሰርተ ሞታት ክፍትንዎን ይርከብ ኣሎ፡፡

ማሕበረ-ሰብ ዓለም፡ እዚ ሃገርና እተሕልፎ ዘላ ዘሕዝን  ሓቂ ስለዝተጋህደሉ ድማ’ዩ (ዋላ’ኳ ክንድቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ኣይኹን’ምበር) ግዝያዊ ዑቑባን ፍትሕን ክህብ ይርከብ፡፡ **ብፍላይ ድማ ህዝቢ ኢትዮጵያን መንግስቲ ኢህወደግን ዝገብርዎ ዘለዉ ኣቀባብላን መዕቆብን፡ ኩሉ  ብዝፈልጦ ኣዝዩ ዝምስገን’ዩ፡፡**

**ብዘይቃልዓለም፡ ነቲ ብታሪኽ፣ ብባህልን ብጉርብትናን ዘለና ምትሕብባር ዝምጥን እንተበልኩ ምግናን ኣይኮነን፡፡ ዋሕዚ መንእሰያት ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ካብ ዝጅምር ኣትሒዙ (ካብ 8⁺ ዓመታት ንላዕሊ ገይሩ ኣሎ፡፡) ኣብ ትግራይ፡ ኣብ ሽመልባ፣ ማይ-ዓይኒ፣ ዓዲ-ሓሩሽ፡ ኣብ ዓፋር፡ ኣብ ኣስሓይታን በርሓለን መጽለሊ መዓስከራት ብምዱኳን ካብ 54 ሽሕ ንላዕሊ ኣሕዋትን ኣሓትን ዜጋታትና ክቕበል ጸኒሑን ኣሎን፡፡**

መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ በዚ ጥራሕ ከይተሓጽረ፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ፡ ካልእ ታሪኽ እንዳዘከሮ ዝነብር ደገፍ ክገብር ጀሚሩ ኣሎ፡፡ እቲ ብሰንኪ ሕማቕ ስርዓት ህግደፍ፡ ካብ ትምህርቲ ተዓንጺሉ ዕድላቱ ጸልሚቱዎ ዝጸንሐ መንእሰይ ኤርትራ፡ ብመጠን ደረጃ ትምህርቱ ካብ ታሕተዋይ ክሳብ ላዕለዋይ ደረጃን ዩኒቨርስቱን ተጸንቢሩ ብርሃን መጻኢኡ ከቋምት ገይርዎ ይርከብ፡፡

ናይ’ዚ ሓቂ’ዚ ጭቡጥ ምስክር ከኣ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ካብ ኩለን መዓስከራት ስደተኛታት ዝተዋጽኡ ልዕሊ 12 ክፍሊ ስዱዳት ዜጋታትና፡ ልዕሊ 200 ዝኾኑ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዕድል ተፈቒድሎም፡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣ/ኣበባን መቐለን ክመሃሩ ጀሚሮም ኣለዉ፡፡

በዚ ኣጋጣሚ፡ እዞም ናብ’ዚ ላዕለዋይ ብርኪ ትምህርቲቤታት ተጸንቢሮም ዘለዉ ስደተኛታት ኣሕዋትና፡ ረኺቦምዎ ዘለዉ ንዘለዉ ዕድል ብኣገባብ ተጠቒሞም ብሉጻት ተወዳደርቲ ኮይኖም ትምህርቶም ንኸጠናቕቑን፡ ሃገሮም፣ ህዝቦምን ስድራ-ቤቶምን ካብኦም ዝጽበይዎ ዘበሉ ኩሉ ንክገብሩ ሓደራ እብል፡፡

The America Team for Displaced Eritreans

Hope ተስፋ | Education ትምህርቲ | Opportunity ዕድል | Dignity ክብረት

www.EritreanRefugees.org

# ኣብ ኣ/ኣበባ ዩኒበርስቲ ናይ ትምህርቲ ዕድል ካብ ዝረኸቡ የሕዋት ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘርኢ ምስሊ ብኸፊል፡ እዚ ምስሊ ኣዲስ ኣበባ ኣብዝኣተዉሉ ሰዓት ኣብ ቀጽሪ ቤ/ጽሕፈት ኣራ ዝትገብሮም ኣቀባብላን ናይ ምሳሕ ግብጃን፡ መስከረም 11, 2010












The America Team for
Hope ተስፋ
Education ትምህርቲ
Opportunity ዕድል
Dignity ክብረት
Displaced Eritreans

www.EritreanRefugees.org

## ኣብ ኣ/ኣበባ ዩኒበርስቲ ናይ ትምህርቲ ዕድል ካብ ዝረኸቡ የሕዋት ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘርኢ ምስሊ ብኽፊል፡ እዚ ምስሊ  ምምሕዳር ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ክቕብልዎም ከለዉ፡ መስከረም 11, 2010










The America Team for Displaced Eritreans
Hope ተስፋ Education ትምህርቲ Opportunity ዕድል Dignity ክብረት

www.EritreanRefugees.org

## ኣብ ኣ/ኣበባ ዩኒበርስቲ ናይ ትምህርቲ ዕድል ካብ ዝረኸቡ የሕዋት ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝርኢ ምስሊ ብኸፊል፡ እዚ ምስሊ ተመሃሮ ስደተኛታት ኣብ ከመይ ደረጃ ከምዘለዉ ንምፍላጥ ዝተገብረ ናይ ጽሑፍ ፈተና።

## መስከረም 13, 2010





The America Team for Displaced Eritreans

Hope ተስፋ Education ትምህርቲ Opportunity ዕድል Dignity ክብረት

www.EritreanRefugees.org

## ኣብ ኣ/ኣበባ ዩኒበርስቲ ናይ ትምህርቲ ዕድል ካብ ዝረኸቡ የሕዋት ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘርኢ ምስሊ ብኸፊል፡ እዚ ምስሊ ላዕለዎት ሓለፍቲ ቤ/ጽሕፈት ARRA/UNHCR ዑደት ኣብ ዝገበርሉ እዋን፡ መስከረም 27. 2010









The America Team for Hope ተስፋ Education ትምህርቲ Opportunity ዕድል Dignity ክብረት Displaced Eritreans

www.EritreanRefugees.org

**ኣብ ኣ/ኣበባ ዩኒበርስቲ ናይ ትምህርቲ ዕድል ካብ ዝረኸቡ የሕዋት ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘርኢ ምስሊ ብኸፊል፡ እዚ ምስሊ ፕረዝደንት ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ፕሮፌሰር እንድርያስ እሸቱ ክላለዮም ከሎን፡ ናይ ምሳሕ ግብጃ እናተገብረሎም፡፡ ኣብ'ዚ ዕለት'ዚ ላዕለዎት ሓለፍቲ ምምሕዳር ቤ/ጽሕፈት ARRA/UNHCR ከምኡ'ውን ዕዱማት ኣጋይሽን ተረኺቦም ነይሮም፡፡ ጥቅምቲ 02, 2010**









